## *ዜናታት ሃገር !*

- ***ሃብቲ ዓሳ ኤርትራ ብወጻእተኛታት ይምዝመዝ ኣሎ።***

*ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ብዝርከባ ሃገራት ከምኒ የመንን ምስርን፣ ኣብ ማያትን ዘሎ ዓሳታት ከይ ኣኸለን፣ ኣብ ማያት ኤርትራ ብምእታው፣ ሕጊ ዘይፍቅዶ ኣገባብ ምግፋፍ ዓሳ ብምጥቃም፣ ብዝተራቐቐን፣ ካብ ቊጽጽር ወጻኢ ብዝኾነን ኣገባብን ናውትን፣ ለይቲ ምስ መዓልቲ ገደብ ዘይብሉ ምግፋፍ ዓሳታት ኣብ ገማግም ኤርትራ የካይዳ ምህላወን፣ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ውሽጢ ሃገር ዝላኣኽዎ ሰፊሕ ጸብጻብ ኣረጋጊጹ። ሕጋዊ ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ግምት ዘይወሰደን፣ ዓሳታት ዝፈርዩሉን ዝዓብዩሉን ግዜ ፈጺሙ ዘየገድሶን፣ ወፍሪ ዓበይቲ ኮባንያታት ምስሪ፣ ንሃብቲ ባሕሪ ኤርትራ ዘዕኑ ኣገባብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ፍጹም ምጽናት ዘብጽሕ ኣገባብ ይኽተላ ምህላወን፣ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዓሚቚ ፍልጠትን ተመክሮን ዘለዎም ኤርትራውያን ኣጠንቂቖም ከብል እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።*

*ኣብ መንጎ ስርዓት ህግደፍን፣ እዞም ናይ ወጻኢ ኩባንያታትን ብዝተበጽሐ ስምምዕ መሰረት፣ ካብቲ ዝድልብዎ መኸሰብ 60 ሚእታዊ ንስርዓት ህግደፍ ከወሃብ፣ ዝተረፈ 40 ሚእታዊ ከኣ ነተን ኩባንያታት ክተርፍ ምዃኑ ተፈሊጡ። ናይ ደጊ ባጤራ ዘምጽእ ክሳብ ዝኾነ ከኣ፣ ሃብቲ ሃገርና ዋላ ይዘመት ንገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ፈጺሙ ቅጫጫ ከም ዘይብሉ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ብዘይማትእ ክረጋገጽ ከኢሉ ኢዩ።*

*ኤርትራውያን ገፈፍቲ ዓሳ፣ ናብ ኣስገዳድ ዕስክርና ብምውሳዶም ይኹን፣ ወይ ድማ፣ ብሰንኪ'ቲ ብጉጅለ ህግደፍ ኣብ ልዕሊኦም ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ኩሉ መዳያዊ ጸቕጥታትን ግፍዕን፣ ሃገሮም ራሕሪሖም፣ ናብ ዓዲ'ማቶም ክስደዱ ተገዲዶም ኢዮም። ስለ'ዚ ከኣ፣ ጉጅለ ህግደፍ ሃብቲ ሃገርና ንበይኑ፣ ምስ ውጻእተኛታት መሻርኽቱ ኮይኑ፣ ክዕንድረሎ ይርከብ ኣሎ።*
*ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምንቅስቓስ፣ ዓበይቲ መራኽብ ኮባንያታት ምስሪ ኣብ ጋማግም ኤርትራ ናብ ወፍሪ ምግፋፍ ክወፍራ ከለዋ ዘርኢ ስእልን፣ ከምኡ'ውን ንምግፋፍ ዓሳ ተባሂለን ንኤርትራ ዝተለገሳ ምዕቡላት መራኽብ ኣብ ደንደስ ቀይሕ ባሕሪ ተዓሽግን ብዘይ ዝኾነ ፍርያት መዓልቲ ይቖጽራን፣ ይምረታን ምህላውን ዘርኢ ስእሊ ኣልዒሎም ምስ ዜናዊ ጸብጻብ ዝለኣኽዎ ምስዚ ዜና ኣተሓሒዝና ነመሓላልፎ።*

ህይወት ናይ`ቶም ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝነብሩ ኤርትራውያን ንምምሕያሽን፣ ጸጋታት ቀይሕ ባሕሪ፣





ህዝብና፣ ብግቡእ ንክጥቀመሉ ተባሂሉ ዝተወጠነ ፕሮጀክት ንምምዋል፣ ስርዓት ህግደፍ፣ 21 ሚልዮን ዶላር ዝኸውን ካብ ልምዓት ባንኪ ኣፍሪቃ ተለቂሑ ምንባሩ ዝፍለጥ ኢዩ። እዚ ፕሮጀክት`ዚ ኣብ ገልዓሎን፣ ጢዖን ዕድን፣ ኣድላዪ ትሕተ ቅርጻ ንምህናጽን፣ መኽዝን ዓሳ ንምቛምን፣ ጽሩይ ዝስተ ማይ ከም ዝህሉ ንምግባርን፣ በረድ ዝሰርሓን ዘፍርያን ትካላትን ናውቲ ንምጥራይን፣ ኤለትሪክ ንምዝርጋሕን፣ ከም ውጽኢቱ ከኣ፣ ዓቕሚ ሰብ ክብ ንምባልን ተባሂሉ ዝተሓተ ልቓሕ ምንባሩ ዝተፈልጠ ኮይኑ፣ ጉጀለ ህግደፍ ግን ከም ናይ ወትሩ ባህርያቱ፣ እቲ ገንዘብ ኣብ ኢዱ ምስ ኣተወ፣ ነቲ ተወጢኑ ዝነበረ መደባት ኣብ ግብሪ ከሳብ ሕጂ ከም ዘይውዕል ገይርዎ ይርከብ።

- ኣብ ድሮ በዓል ፋሲካ ዋጋታት መግቢ ኣብ ኤርትራ ሰማይ ዓሪጉ።

ኣብ ድሮ በዓላት ፋሲካ፣ ዋጋ ስቤዛ ሰማይ ከም ዝዓረገ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ሓቢሮም። ዋጋ ስቤዛ ካብ ዓቕሚ ህዝብና ንላዕሊ ኮይኑ ብምህላዉ፣ ህዝቢ ኣብ ኣዝዩ ጸገም ተሸሚሙ ኣሎ። ኣብ ዕዳጋታት ኣስመራ፣ ብዙሓት ዓው ኢሎም ቁጠዐን ምዕዝምዛምን የርእዩ ምህላዉም









*እቶም ምንጭታት ሓቢሮም። ሓለፍቲ ስርዓት ህግደፍ፣ ብፍላይ ድማ መላኺ ኢሳይያስ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፣ ናህሪ ዋጋታት ደው ክብል ኢዩ፣ ዕዳጋታት*

*ክንቍጻጸሮ ኢና ዝብል ቃላት ብተደጋጋሚ ከስምዑ`ኳ እንተጸንሑ፣ ኩነታት ዕዳጋ ብኣንጻሩ ሰማይ ዓሪጉ፣ ዝኾነት ስድራ ቤት እቲ ዝተሓተ ናይ ህይወት ጠለባት ከተማልእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ምህላዋ ተፈሊጡ።*

*ከም ኣብነት ናይዚ ናህሪ ዋጋታት፣ ካብ ኣስመራ ዝበጽሓና ጸብጻብ ከም ዝሕብሮ፣ ኪሎ ሽጉርቲ **25** ናቕፋ፣ ኪሎ ኮሚደረ **35** ናቕፋ፣ ኪሎ ድንሽ **48** ናቕፋ፣ ኪሎ ጻዕዳ ሽጉርቲ **180** ናቕፋ፣ ደርሆ ካብ **400** ክሳብ **450** ናቕፋ በጺሑ ኣሎ። ሓደ ናይ ኣመሪካ ዶላር ከባቢ **2.4** ናቕፋ ከም ዝኾነ ዝተፈልጠ ኢዩ። መጠነኛ እቶት ሰራሕተኛ ኣብ ኤርትራ ከባቢ **30** ናይ ኣመሪካ ዶላር ኣብ ወርሒ ክኸውን ከሎ ፣ ናይ ስራሕ ኣልቦነት ኣብ ሃገርና ብጣዕሚ ዓቢ ምዃኑን፣ መብዛትኦ ኣፍራዪ ዓቕሚ ድማ፣ ከም ጊላ ኣብ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ስርዓት ህግደፍ ከም ዝርከብ ህዝብናን ዓለምን ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ወጻኢ ዝንበሩ ኤርትራውያን፣ ንስድረኦም ገንዘብ ኣብ ምልኣኽ ዓቢ ጸገም የጋጥሞም ኣሎ። ምኽንያት ናይ´ዚ ብዓብዩ፣ ምስቲ ግጉይን ገባትን ቁጠባዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ዝተኣሳሰር`ኳ እንተኾነ፣ ኣብዚ ግዜ´ዚ፣ ኤርትራ ብዋሕዲ ባጤራ ናቕፋ ትሳቐ ብምህላዋ፣ ህዝቢ ኣብ ዓቢ ጸገም ኣቲዩ ከም ዘሎ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።*

*ርሑስ በዓል ፋሲካ ይግበረልና !*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ !!*
***15** ሚያዝያ **2017***